Vestfold og Telemark
FYLKESKOMMUNE
ዞባታት ቬስትፎልድን ቴለማርክን

# ንተመሃሮ ዚወሃብ ሕግታት

ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ንዚመሃሩ ተመሃሮ ዚምልከት ሕግታት



**ኣርእስቲ**

**ብመሰረት እቲ ኣብ ሕጊ ትምህርቲ ዚርከብ ዓንቀጽ ክፋል § 9 A-10. ተዘርዚሩ ኣሎ። ብናይ ውክልና ወረቐት ተቐባልነት ዝረኸበ : ዳይረክተር ትምህርትን ህዝባዊ ጥዕናን 27 ሰነ 2019**

# ትሕዝቶ


**1. ዕላማን ስፍሓትን ..... 3**

§ 1-1. ዕላማ ..... 3

§ 1-2. ስፍሓት ..... 3

**2. መሰላት ተመሃሮ ..... 4**

§ 2-1. ድሕንነትን ጽቡቕ ንምምሃር ንዘሎ ሃዋህው ..... 4

§ 2-2. መሰላት ተመሃሮ ..... 4

§ 2-3. ዲሞክራስያዊ መሰላት ተማሃራይ ..... 4

§ 2-4. መሰላት ምልክታ ..... 4

**3. ግደታ ወይ ግቡኣት ተማሃሮ ..... 5**

§ 3-1. ስርዓት ..... 5

§ 3-2. ባህሪ ..... 5

§ 3-3. ገምጋም ስርዓትን ባህርን ..... 6

§ 3-4. ብኩራትን፡ ኣብ ክፍሊ ምርካብን ..... 6

**4. ብዛዕባ መስርሕ ጕዳይ ዚገልጽን : ፍሉይ መቕጻዕቲ/እገዳን ..... 7**

§ 4-1. ብዛዕባ መስርሕ ጕዳይ ዚገልጽ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ........ 7
§ 4-2. ሓፈሻዊ መቕጻዕቲ/ እገዳ ........ 7
§ 4-3. ፍሉይ መቕጻዕቲ/እገዳ ........ 7
§ 4-4. ይግባይ/ጥርዓን ዚሰምዕ ኣካል ........ 7

**5. ዝተፈላለየ ውሳነታት ........ 8**
§ 5-1. ናይ ምትካእ ሓላፍነት ........ 8
§ 5-2. ዘቅጽዕ ገበን ........ 8
§ 5-3. ካልእ ልሙድ መግለጺታት ........ 8
§ 5-4. ኣብ ግብሪ ምውዓል ........ 8

Forsidefoto: LightField / mostphotos.com

Sist oppdatert: mai 2022


Foto: DGLimages / iStock / Getty Images Plus

# 1. ዕላማን ስፍሓት

## § 1-1. ዕላማ

ዕላማ እቲ ኣብ ዞባታት ቨስትፎልድን ቴለማርክን ዘሎ ሕግታት እዚ ዝስዕብ ኢዩ ፥

1. ንዅሎም ተመሃሮ ንህይወቶም ምእንቲ ኺመልክዎ፡ ከምኡውን ኣብ ስራሕን ማሕበረሰብን ምእንቲ ኺሳተፉ ፍልጠትን ክእለትን ኣረኣእያን ንኼማዕብሉ ንምሕጋዝ እዩ ።
2. ጽቡቕ ስርዓትን ጠባይን ዜተባብዕ ንጹር መሰረት ንምድላው፡ ከምኡውን ድሕንነትን ጽቡቕን ትምህርቲ ዚርከበሉ ሃዋሁ ንምድላው
3. ብዛዕባ መሰላትን ግዴታታትን ተማሃሮ ፡ ሓበሬታ ንምሃብ ከምኡውን ተማሃሮ ነቲ መምርሒታት ክጥሕሱ ኸለዉ እንታይ መቕጻዕትን ናይ ኣሰራርሓ ሕግታትን ከም ዝውዕል ንምግባር፣
4. ስርዓትን ኣካይዳን ንምግምጋም መቕጻዕትን ፡ ንዅሎም ተመሃሮ ብማዕረ ዚወሃብ ኣተሓሕዛን ።

## § 1-2. ስፍሓት

እዚ ሕግታት እዚ ንዅሎም እቶም ኣብ ዞቦታት ሸስትፎልድን ቴለማርክን ኣብ ዝርከብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝርከቡ ተማሃሮ ዝምልከት ኢዩ ።

እዚ መምርሒታት እዚ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰዓታት፡ ኣብ ጥቃ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ መገድታት፡ ኣብ ከባቢ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝግበር ዙረታት ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝግበር ጕዕዞታት ፡ ንጥፈታትን ፡ ፍጻመታትን ፡ ከምኡውን ተማሃሮ ኣብ ትካላት ፡ ክኢላታት ሞያ ኣብ ዝህልዉሉ እዋን ዝውዕል ኢዩ ።

እዚ መምርሒታት እዚ ካብ ጥቃ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ፥ መገዲ ቤት ትምህርቲ፥ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ዘሎ ሰዓታት፥ ከምኡውን ኣብ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ንዚፍጸም ምድሃልን ካልእ በደላትን እውን ዚምልከት እዩ ። እቲ ስጉምቲ ምስቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ዅነታት ንጹር ምትእስሳር እንተ ሃልይዎ ወይ ከኣ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ምልክት ስለ ዚገድፍ እቲ ስጉምቲ ኣብ ተግባር ይውዕል እዩ።

# 2. መሰላት ተመሃሮ

## § 2-1. ድሕንነትን ጽቡቕ ንምምሃር ንዘሎ ሃዋህው

ተመሃሮ ሰላምን ድሕንነትን ዘለዎ ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም ።

ቤት ትምህርቲ ንተመሃራይ ናይ ኣእምሮ ሰላምን:ድሕንነትን: ማሕበራዊ ንብረትን ዘለዎ ጽቡቕ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሃዋህው ንምድንፋዕ ብንጥፈትን ብሜላን ክዓዪ ኣለዎ።

እቲ ቤት ትምህርቲ ንኸም ምድሃል፣ ዓመጽ፣ ጽልኢ፣ ኣድልዎ ምግባር ፣ ንኻልኦት ምሽጋር፣ ዝኣመሰሉ ገበናት ፈጺሙ ኣይጻወሮን ኢዩ፣ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ጕዳያት ናይ ምሓዝ ንጹር ልምዲ ድማ ኣለዎ ።

## § 2-2.መሰላት ተመሃሮ

ተመሃሮ ኸምዚ ዝስዕብ መሰል ኣለዎም ፦

1. ብኣኽብሮትን፣ ብሓልዮትን ፣ብተገዳስነትን ኪተሓዙ ኣለዎም ።
2. ብመሰረት ሕጊ ትምህርቲ ዚወሃብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስ ስርዓታትን መደባት ትምህርቲን፣ ከምኡውን ምስ ውሳነታት ዞባዊ ምምሕዳር ዚሰማማዕ እዩ ።
3. ምስ ክእለቶምን ብቕዓታቶምን ዚሰማማዕ ስልጠና ።
4. ድሕንነትን ጽቡቕን ናይ ቤት ትምህርቲ ሃዋህው ንምርካብ ኣብ መደብን ምትግባርን እቲ ዕዮ ንምስታፍ።
5. ዕላማ እቲ ስልጠናን ኣብ ገምጋም ክእለት ጐሊሑ ዘሎ ነገራትን ንምፍላጥ ።
6. ንስራሕካን ፣ ንብቕዓትካን፣ ንዕቤት ስራሕካን ኣብ ምግምጋም ብንጥፈት ምስታፍ።
7. ብመሰረት ትምህርትን ስርዓትን ባህርይን ኣብ ማእከላይ ግዜን ናይ መወዳእታን ገምጋም ተማሃርይ ምውሳድ። እቲ ኣብ ማእከላይ ግዜ ዝግበር ገምጋም ብቐያድን ብግቡእን ክወሃብ ኣለዎ። ብቃል ኰነ ብጽሑፍ እውን ክግበር ይከኣል ኢዩ።
8. እንተ ወሓደ ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ሓንሳእ ምስቲ መምህሩ ገምጋም ይወሃብ ። እቲ ዝርርብ ኣብ ሰነድ ኪምዝገብ ኣለዎ።
9. ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ድሌት ኣብ ትምህርቲ፣ ኣብ ስራሕን፣ ሞያን ፣ከምኡውን ኣብ ብሕታውን ማሕበራውን ኩነታት ተመርኲስካ ንተማሃራይ ኣድላዪ ምኽሪ ምሃብ።
10. እንተ ኾይኑ ከይተደናጐየ ብጽሑፍ ኪሕብረካ እዩ።
    - (ሀ) . እቲ ተመሃራይ ኣብቲ ናይ ፍርቂ ዓመት ዝግበር ገምጋም ወይ ናይ መወዳእታ ዝወሃብ ነጥቢ ዘጠራጥር እንተድኣ ኮይኑ።
    - (ለ) ንፍርቂ ዓመት ገምጋም ወይ ኣረኣእያ ብምግምጋም ወይ ብምምራሕ ነጥቢ ኻባኻ ኺንኪ ይኽእል እዩ።
11. እቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ወለዲ/ስድራ ተማሃሮ ኸም ዚተሓባበር።

## § 2-3. ዲሞክራስያዊ መሰላት ተማሃራይ

ቤት ትምህርቲ ንዲሞክራስን: ንማሕበራዊ ተሳትፎ ተማሃሮን ኬቀላጥፎ እዩ፣ ገለ ኻብዚ ኸኣ እዚ ዚስዕብ እዩ፦

1. ተመሃሮ ኣብ ዝግበር ምርጫ ቤት ትምህርትን ኣብ ናይ ከባቢ ቤት ትምህርት ምርጫን ናይ ምክፋል መሰል ኣለዎም ።

2. ተመሃሮ ዋዕላ ተመሃሮ ናይ ምቛም መሰል ኣለዎም ። እቲ ቤት ምኽሪ ተማሃሮ ምስ ምምሕዳር እቲ ቤት ትምህርቲ ስሩዕ ኣኼባታት የካይድ ።
3. ቤት ትምህርቲ ንተወከልቲ እቶም ተማሃሮ ጽቡቕ ናይ ኣሰራርሓ ኲነታትን ውድባዊ ስልጠናን ከምዝህሉ ክገብር፡ ከምኡውን ናይታ ቤት ትምህርቲ ናይ ሓበሬታ መትረባት ከም ዝጥቀሙ ክገብር ኢዩ።
4. ናይ ተማሃሮ ቤት ምኽሪ ምርጫ ኣከባቢ ቤት ትምህርቲ፥ ከምኡውን ዝምልከቶ እንተድኣ ኾይኑ ናይ ቤት ትምህርቲ ኮሚተታት/ምርጫ ፡ ከም መጽናዕቲ ተማሃሮ ዝኣመሰለ ናይ ምምርማር ውጽኢት ክቐርበሎም ኢዩ።
5. ኣብ ኣብያተ ፣ ትምህርቲ ፖለቲካውን ውድባውን ንጥፈታት ኪካየድ ተፈቒዱ እዩ ። ኣብ ግብሪ ንምውዓል ግና፥ ተማሃሮ ምስ ምምሕዳር እቲ ቤት ትምህርቲ ክሰማምዑ ኣለዎም።

## § 2-4. መሰላት ምልክታ

ኣብ ትሕቲ እዛ ምዕራፍ እዚኣ ዘሎ መሰላት እንተ ድኣ ዘይተሓልዩ፥ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ናብ ወከልቲ ተማሃሮ ወይ ናብ ቤት ምኽሪ ተማሃሮ ክቐርብ ኣለዎ።



Foto: Monkeybusiness images / iStock / Getty Images Plus

# 3. ግዴታ ወይ ግቡኣት ተማሃሮ

## § 3-1. ስርዓት

እቶም ተማሃሮ ኣብ ሰዓቶም ክርከቡ ኣለዎም። ጽቡቕ ናይ ዕዮ ክፍሊ ልምድን ጽቡቕ ናይ ስራሕ ጻዕርን ክርእዩ ኣለዎም።

ከምዚ ምግባር ጽቡቕ ስርዓት ኣለዎ ፦

1. ኣብቲ ስልጠና ተዳሊኻ ብንጥፈት ተሳተፍ።
2. ብእተኻእለካ መጠን ኣብ ሰዓቱን ጽቡቕ ዚድለ ጻዕርን ተጠቒምካ ምዕያይ።
3. ነቲ ቤት ትምህርቲ/ትካል ኣብ ተብኩረሉ እዋን ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ምሕባር።
4. ብመሰረት እዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ብኩራት ልምዲ: ኣብ ውሽጢ እቲ እተመደበ ግዜ ተማሃራይ እንተድኣ ዘይተረኺቡ ክሰነድ ክጸሓፍ ኣለዎ።
5. ነቲ ኣድላዪ ዝኾነ ናይ ትምህርቲ ጥራውዝትን፣ መስርሕታትን ክትከታተሎን፣ ዘድሊ ሒዝካ ምምጻእን።
6. ንድሕንነትን ውሕስነትን ዚምልከት ሕግታት ስዓብ፡ ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ ወይ ግዴታ ኸም ዝኾነ ጌርካ ድማ ናይ ስራሕ ክዳውንትን መከላኸሊ ናውትን ተኸደን።
7. ነቲ ናይቲ ቤት ትምህርትን ትካላትን ዚጥቀሙሉ ኸባቢታትን መመገቢ ኣቕሑን ድሕሪ ምጥቃምካ፣ ክተልዕሎን ክተጽርዮን ኣለካ።
8. ነቲ ኣብ § 5-3 ተገሊጹ ዘሎ ወነንቲ ቤት ትምህርትን ኣብያተ-ትምህርትን ዚገልጽ ልሙድ መግለጺታት ስዓቦ።

## § 3-2. ባህሪ

እቶም ተማሃሮ ንሓድሕዶም ሓልዮትን ትሕትናን ብምርኣይ ከምኡውን ብሓፈሻ ጽቡቕ ጠባይ ብምርኣይ ጽቡቕ ናይ ቤት ትምህርቲ ሃዋህው ኣብ ምፍጣር ኣበርክቶ ኽገብሩ ኣለዎም።

ከምዚ ዝስዕብ ምግባር ጽቡቕ ጠባይ ኢዩ:-

1. ኣብ ሰዓታት ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ጸጥታ ክህሉ ኣበርክቶ ምግባር ።
2. መምርሒታት መምህራንን ካልኦት ሰራሕተኛታትን ስዓብ
3. ንንብረት እቲ ቤት ትምህርትን ንብረት ካልኦትን ብሓላፍነት ሓዞ።

ከምዚ ኺግበር ኣይፍቀድን እዩ ፦

4. ሃሳዩ ዘረባ ምጥቃም ምድሃል ወይ ንኻልኦት ብኣካላዊ ወይ ብቓላት ወይ ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ሓይሊ ምጥቃም ዓመጽ ወይ ምጒብዕባዕ ኩልኩል እዩ።
5. ምስ መምህርካ ከይተሰማማዕካ ኣብ እዋን ስልጠና ትምህርቲ ፥ ሞባይል ተሌፎንን ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታትን ምጥቃም ኩልኩል ኢዩ ።
6. ናይ መማህርትኻ፣ መምህራን፣ ሰራሕተኛታት ወይ ካልኦት ሰባት፣ ስእሊ ቪድዮታት ወይ ቅዳሓት ድምጺ፣ ብዘይ ፍቓዶም ምውሳድ ኣይፍቀድንኢዩ።
7. ብኣካላዊ ወይ ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ምውራድ ወይ ዘርጊሕካ፣ ስእለ ጾዩፍ ፖርኖግራፊ: ዓሌታዊ ጽልኢ ወይ ካልእ ጾዩፍ ወይ ዘይሕጋዊ ነገራት፣ ጠላዕ ኣይፍቀድን እዩ ።
8. ምስ ትምባኾ፣ ሽጋራ፣ ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ፣ ኣልኮላዊ መስተ ወልፊ ሓሽሽ ካልእ ሓሽሽ ምውሳድ ወይ ምስ ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ ዚተሓሓዝ ነገራት ምጥቃም ወይ ወልፍታት ኣይፍቀድን ኢዩ።
9. ሓደገኛ ነገራት ወይ ኣጽዋር ኣብ ትምህርቲ ኣይፍቀድን ኢዩ።
10. ካብ ካልኦት ምቅዳሕ ንኻልኦት ክቀድሑ ምትሕብባር ወይ ዘይተፈቕደሉ መሳርሒታት ብምጥቃም ብምትላል ወይ ኣብ ፈተናታት ብምቕራብ ከተታልል ምፍታን ኣይፍቀድን ኢዩ።
11. ናይ ካልኦት ጽሑፋትን፣ ፍርያትን፣ ቀዲሕካ ከም ናትካ ገርካ ምቕራብ፣ ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራትን እንተላይ ካብ ኢንተርነት ዝተጻዕነ ጽሑፋትን መፍትሒታትን ብኻልኦት ዝተዳሎ ከም ናትካ ገርካ ምድላው ኩልኩል ኢዩ።
12. ኣብ ትምህርቲ ሓሳብ ንሓሳብ ተማሃሮ ንኽይለዋወጡ ወይ መንነቶም ንኽይፈልጡ ዚዓግት ክዳውንቲ ዘይምኽዳን ።

እቲ ትካል ስርዓትን ኣካይዳን ዚምልከት ናይ ገዛእ ርእሱ መምርሒ እንተ ኣልይዎ ፥ ተማሃራይ ነዚ ኺስዕቦ ኣለዎ ።

## § 3-3. ገምጋም ስርዓትን ባህርን

ስርዓትን ጠባይን ምግምጋም ምስቲ እቲ ተመሃራይ ምስ ሕግታት ኣኺይዳኡ ዚሰማማዕ ስጉምቲ ዚወሃበሉ መጠን ጥራይ እዩ ዚተሓሓዝ ካብቲ እቲ ተመሃራይ ኣብ ርእሰ ነገር ዘለዎ ኽእለት ድማ እተፈልየ ኪኸውን ኣለዎ።



Foto: Jacoblund / iStock / Getty Images Plus

## § 3-4. ብኩራትን: ኣብ ክፍሊ ምርካብን

ተማሃሮ  ኩሉ ግዜ ኣብቲ ናይ ትምህርቲ ስልጠና ኺርከቡ ኣለዎም፣ ነኸብኩሩ ፍሉይ ካልእ ስምምዕ ምስ ቤት ትምህርቶም እንተ ድኣ ዘይብሎም።

ብኩራት መዓልታውን ብሰዓትን እዩ ዚምዝገብ ። እቲ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት፣ ምስ ተጀመረ ኹሎም ተማሃሮ ኣስማቶም ይጽውዑ። ዝደንጎዩ ድማ ደንጉዮም ከም ዝመጹ ዝገልጽ ወረቐት ክምዝገቡ ኢዮም።

እቲ ተማሃራይ ሕማም ወይ ካልእ ምኽንያት እንተ ኣጋጢምዎ ብእተኻእሎ መጠን ቀልጢፉ ናብቲ ቤት ትምህርቲ፨ትካል ክሕብር ኣለዎ። እቲ ተመሃራይ ኣብ መንጎ ካብቲ ስልጠና ኺወጽእ እንተ ኹይኑ እውን ክሕብር ኣለዎ ። እቲ ተመሃራይ ብኩራት እንተ ቐጺሉ ነቲ ቤት ትምህርቲ ኸም ብሓድሽ ኪሕብሮ ኣለዎ።

ብኻልእ መዳይ ከኣ ብኩራት ብመሰረት እቲ 10% ሕጊ ማለት ምስቶም ናይ ዞባ ሰበ-ስልጣን ብኩራት ይምዝገብ ስዒቡ ብኩራት እንተቀጺሉ፣ ብተኸታታሊ እዩ ዚተሓዝ።

# 4. ብዛዕባ መስርሕ ጕዳይ ዚገልጽን: ፍሉይ መቕጻዕቲ/እገዳን

## § 4-1. ብዛዕባ መስርሕ ጕዳይ ዚገልጽ ሓፈሻዊ ሓበሬታ

እቶም ንሕጊ ኣካይዳ ምዕራፍ 3 ዚጥሕሱ ተመሃሮ መቕጻዕቲ ኺወርዶ ይኽእል እዩ ፡፡
እቲ ውሳነ ምስቲ እቲ ተመሃራይ ኣብ ምርጫ መቕጻዕቲ ጽልዋ ዘለዎ ስርዓታት ዝጥሕስ ክኸውን ኣለዎ ፡፡

እቲ ተመሃራይ ነቲ እቲ ቤት ትምህርቲ ዘውጽኦ መቕጻዕቲ ኺሰዕብ ይግደድ ፡፡ እንተ ዘይተኣዚዝካ ሓድሽ መቕጻዕቲ ኺወሃብ ይከኣል እዩ፡፡

ሓደ ተመሃራይ ገበነኛ እንተ ኾይኑ ንጕጅለ ሰባት ብሓባር ክትቀጽዖም ኣይፍቀድን እዩ ፡፡

## § 4-2. ሓፈሻዊ መቕጻዕቲ/ እገዳ

ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ሕግታት እንተ ጥሒሱ ሓፈሻዊ መቕጻዕቲ ኺግበረሉ ይኽእል እዩ ፡፡ እቲ ውሳነ ነቲ ተመሃራይ ኪነግሮን ብቑዕ ምኽንያት ኪምዝግብን ኣለዎ፡፡

እቲ ተመሃራይ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ሓፈሻዊ መቕጻዕቲ ኽወርዶ ይኽእል ኢዩ -

1. ብቃል ዝወሃብ ዝርርብ
2. ብጽሑፍ ዝሰፈረ መጠንቀቕታ
3. ናይ ተማሃራይ ኣብ ስርዓት ምሓዝ ወይ ጠባይ  ነጥቢ ምንካይ
4. እቲ ተመሃራይ ሓሸሽን ካልእ ወልፍታት ንኸይወስድ ምኽልካል፡፡
5. ግዴታዊ ዕዮ ምዕያይን/ወይ ነቲ ተመሃራይ ዘስዓቦ ጕድኣት ምጽጋንን ንኣብነት ምሕጻብ ምጽራይ ወይ ኣቕሑ ምውጋድ፡፡
6. ኣብ ቤት ትምህርቲ ኾነ ኣብ ወጻኢ ኣብ ዚግበር ኣኼባታት ቅድሚ ተራ ሰዓታት ትምህርቲ ወይ ድሕሪኡ ንኣብነት ኣብ ዋዕላ ግጭት ኣብ ዚግበር ኣኼባታት ኪእከብ ትእዛዝ ይወሃብ ፡፡
7. መሳርሒታት/ቤት ዕዮ/ፍሉይ ክፍልታት ተማሃራይ ክጥቀም ገደብ ምግባር፡፡
8. እቲ መምህር ኣብ ዝገበሮ ውሳነ ኣብ ዝተረፈ ኽፋል እቲ ስልጠና ኻብ ክፍሊ፥ጕጅለ ንተማሃራይ ምስጓጕ ኣብ ክልተ ሰዓት ጥራይ እተሓጽረ ይኸውን፡፡

## § 4-3.ፍሉይ መቕጻዕቲ/እገዳ

ፍሉይ መቕጻዕቲ ንሓደ ተማሃራይ ዝወሃብ ውሳነ ኢዩ። ከቢድ ኣጋጣሚታት ምስ ኣጋጠመ ወይ ሕግታት ብተደጋጋሚ ምስ ዝጥሕስ ከኣ ክቕጻዕ ይኽእል ኢዩ ። ንኣብነት ዓመጽ፣ ንኻልኦት ምሽጋር፣ ኣጽዋር ወይ ሓሽሽ ምውሳድ ምትላል ወይ ምቅዳሕ ኪጥቀስ ይከኣል።

ፍሉይ መቕጻዕቲ ቕድሚ ምግምጋሙን ምውሳኑን፣ እቲ ተመሃራይ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ብቃል ናይ ምግላጽ ኣጋጣሚ ኺረክብ ኣለዎ። እቲ መራሒ ቤት ትምህርቲ ፡ነቲ ተመሃራይ ንሓደ ሰብ ምስኡ ሒዙ ናብቲ ዝርርብ ክመጽእ ዕድል ይወሃቦ ። ዝኾነ ኾይኑ ነቶም ትሕቲ ፲፰ ዓመት ዝዕድሚኦም ተማሃሮ ወለዲ ሓቤረታ ይወሃቡ ኢዮም ።

ፍሉይ መቕጻዕቲ ብጽሑፍ ምኽንያት ይወሃቦ፣ ከምኡውን እቲ ተመሃራይ ይግባይ/ጥርዓን ከቅርብ መሰል አምዘለዎ ኽገልጽ ኣለዎ። እቲ ተማሃራይ ከም ክፍሊ ናይቲ ጉዳይ መጠን ብዛዕባ መሰሉም መምርሒ ናይ ምሃብ መሰል ኣለዎ፣ ጥርዓን ከቅርብ ከኣ ብኸመይ ከም ዝቕጽል መምርሒ ክወሃቦ መሰል ኣለዎ።

ንተማሃራይ ቅድሚ ኽትነጽጎ ውሳነ ቕድሚ ምግባሩ ናይ ረድኤት ስጉምትን ዝቐለለ መቕጻዕትን ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ ።

እቲ ተመሃራይ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ፍሉይ መቕጻዕቲ ኺወርዶ ይኽእል እዩ ፦

1. ዝተሓተ ደረጃ ነጥቢ ንተምሃራይ ኣብ ስርዓት ምሓዝን ባህርን።
2. እቲ መራሒ ቤት ትምህርቲ ብዝገበሮ ውሳነ ፤ ንተማሃራይ ኻብቲ ቤት ትምህርቲ/ትካል ኣብ ዝተረፈ ሰዓታት ትምህርቲ ምስጋግ።
3. እቲ መራሒ ቤት ትምህርቲ ብዝገበሮ ውሳነ ፤ ንተማሃራይ ኻብ ምሉእ መዓልቲ ትምህርትን ክሳዕ ሓሙሽተ መዓልቲ ትምህርትን ምስጓጉ።
4. ዳይረክተር ትምህርትን ህዝባዊ ጥዕናን በቲ ዞባዊ ምምሕዳር ዝገበሮ ውሳነ ነቲ ዝተረፈ ኽፋል እታ ዓመት ካብ ቤት ትምህርቲ ምስጓጉ።

## § 4-4. ይግባይ/ጥርዓን ዚሰምዕ ኣካል

ባይቶ ኣውራጃ ወይ እቲ ብቤት ምኽሪ ኣውራጃ እተፈቕደ ሰብ ብዛዕባ ፍሉይ መቕጻዕቲ jf § 4-3 .ንውልቀ-ሰባት ዚምልከት ውሳነ ንዚግበረሉ ይግባይ ዚሰምዕ ኣካል እዩ።

# 5.ዝተፈላለየ ውሳነታት

## § 5-1. ናይ ምትካእ ሓላፍነት

እቲ ተመሃራይ በቲ ዝወረደ ጕድኣት ተሓታቲ ኪኸውን ይኽእል እዩ ንብረት እቲ ቤት ትምህርቲ ወይ ንብረት ካልኦት።

## § 5-2. ዘቅጽዕ ገበን

ኣብ ውሽጢ ስርዓታት እተፈጸመ ዘቅጽዕ ገበን ምስጋጥም ስፍሓት መመልከቲ ወረቐት jf.§ 1-2, ናብ ፖሊስ ኪቐርብ እዩ።

## § 5-3. ካልእ ልሙድ መግለጺታት

*ወነንቲ ቤት ትምህርቲ ነዚ ዝስዕብ ናይ ገዛእ ርእሶም ልሙድ መግለጺታት ከዳልዉ ይኽእሉ ኢዮም -*

- ትሰርሓሉ መምርሕታት
- ስርዓታት መርመራ
- መዘናግዕታት/እቲ ቤት ትምህርቲ ዝገበሮ ጕዕዞ መገሻ

ነፍሲ ወከፍ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ዘኽይ
ምድላው ክዳሎ ይኽእል ኢዩ:
ልሙድ መግለጺታት ከምዚ ይመስል ፧

- መመገቢ ቦታ
- መቜም ማካይን
- ኣጠቓቕማ መሳርሒታት/ቤት ዕዮ/ፍሉይ ክፍልታት
- ጥዕናን ድሕንነትን ኣከባብን
- መዘናግዕታት / እቲ ቤት ትምህርቲ ዝገበሮ ጕዕዞ መገሻ

## § 5-4.ኣብ ግብሪ ምውዓል

እቲ መምርሒ ብ01.08.2019 ኪዓዩ ጀሚሩ።

**Foto: Monkeybusiness images / iStock / Getty Images Plus**

ነዚ ኣስተብህለሉ!
እቲ ሕግታት ኣኻይዳ ኣብ ወብ ሳይት እቲ ባይቶ

ኣውራጃ

ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ምስ ዚሕተም ምስ

ሓባራዊ መሰረታዊ

ሰነዳት ዚተሓሓዝ ሊንክ ይውሰኽ። ሊንክታት

ብምጥቃም እቲ

ሓበሬታ ወትሩ እዋናዊ ኸም ዝኾነ ነረጋግጽ ።

ነፍሲ ወከፍ ቤት

ትምህርቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ልሙድ መግለጺታት

ከም ዘለዎ

ከረጋግጽ ኣለዎ እዚ ድማ jf.§ 5-3. ተማሃሮ

ክረኽብዎ

ዝኽእሉ ኢዩ። ዋና እቲ ቤት ትምህርቲ ነቶም

ተመሃሮ

ኺረኽብዎ ዘለዎም ሓባራዊ መሰረታዊ ሰነዳት ፦

- ምስ ቀዳማይ ደረጃ ኾነ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (ሕጊ ትምህርቲ) ከምኡውን ምስ ሕጊ ትምህርቲ ዚተሓሓዝ ስርዓታት ዚተሓሓዝ ሕጊ።
- ምስ ኣሰራርሓ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ዚተሓሓዝ ሕጊ (ሕጊ ህዝባዊ ምምሕዳር)
- ኣብ ዞባታት ሸስትፎልድን ቴለማርክን ኣብ ዝርከብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰርሑ መምሃራን ብተማሃሮ ንዝቐረበሎም ጥርዓን ናይ ምቁጽጻር መስርሕ ።
- ንዕቤት ፍልጠት ዚኸውን ስርዓተ - ትምህርቲ
- ኣብ ዞባታት ሸስትፎልድን ቴለማርክን ኣብ ዝርከብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ- ትምህርቲ ንዝርከቡ ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ዝወጸ መምርሒታት ።



- ኣብ ኣውራጃታት ሸስትፎልድን ቴለማርክን ንዚርከባ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዚምልከት መምርሒታት መርመራ
- ኣብ ዞባታት ሸስትፎልድን ቴለማርክን ኣብ ዝርከብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ፣ ትምህርቲ ብኩራት ከጋጥም ከሎ፣ ምስዚ ዝተሓሓዘ ፎርም ናይ ምምዝጋብ ልምዲ እቲ ዝርዝር ብዙሕ ኣይኮነን ። እቲ ቤት ትምህርቲ ነቶም ተመሃሮ ኺረኽብዎም ዘለዎም ዚገልጽ ልሙድ መግለጺታት የቀርብ።
- እቲ ቤት ትምህርቲ ንሕግታት ትምህርቲ ከም መመላእታ ኾይኑ ዘዳለዎ እተፈላለየ ልሙድ መግለጺታት ይስርሓሉ ኢዩ jf. § 5-3



Foto: Skynesher/E+/Getty Images

Foto: Dan Burch/mostphotos.com

ምምሕዳር ዞባ ቨስትፎልድን ቴለማርክን
vtfk.no

ኣድራሻ ጶስጣ
Postboks 2844
3702 Skien

ኣድራሻታት ምብጻሕ :
Torggata 18, Skien
Svend Foynsgate 9, Tønsberg

ክትረኽቡና ምስ እትደልዩ፥
35 91 70 00
post@vtfk.no